# “ክሻ በል ክትድረር!”

**ረድኢ መሓሪ /ኣለና/ 08 ነሓሰ 2015**

**ካልኣይ ክፋል**

ብላሽ ታሕሪር! እቶም ናጽነት ዘምጽኡን ባንዴራ ዝተኸሉን ጀጋኑ ኤርትራውያን ናብ ጎዳጉዲ ዒራ-ዒሮ ሓቒቖም ኢዮም። ክሻ እቲ ስለ ናጽነት ኤርትራ ሓንቲ ጸጸር እውን ዘይደርበየ ወዲ ትግራይ ድማ ብባንዴራ ሰማእታትና ማዕሪጉ፡ “ንጉሰ ነገስት” ኮይኑ ይነብር ኣሎ። እዚ ሕልሚ ኣይኮነን። ብጋህዲ ጭፍራ ኢሳይያስ ኣብ ልዕሊ ደቂ ኤርትራ ዝፈነዉዎ መሰክሕ ኲናት ኢዩ።




“ኣል-ግርድ ታሕክም ቢል ኣያም!” ኢሎም ሱዳናውያን። ወይ ዘመነ ምንቁልቋል፡ ሰብ ተወዲኡስ፣ ህበይን ክሻን ነጊሶም ያኢ! ኤርትራውያን ከኣ፡ ጸርፊን ሕሜታን ኮይኑ ትርፎም። ‘ኣሓ ተዘሚተን ኢየን፡ እንተ ጸርፊ’ሞ ዝገደፍና የብልናን’።

ኣንቱም ‘ክሻ በል ክትድረር’ እናበልኩም ሃገርን ህዝቢን ዘጥፋእኩም ጸማማት ኤርትራውያን፡ ኣንቱም ብድሕሪ ናጽነት ስረኹም ዝፈታሕኩም ባሃማት፡ መሻረውቲን ደለይቲ ሽመትን ሚኒስተራት፡ ኣማሓደርቲ ዞባታት፡ ኣምባሳደራት፡ መኮንናት! … ‘ወይዘን እንቅዓ መሸላ፡ ዘይውደኣ ይመስላ’ ከም ዝበሃል፣ እቲ ብስስዐ ዝቋጸርኩሞ ናይ መርገም ስንቂ ክውዳእ ኢዩ።

ኣሎ ተካል ዕልልታ፡ ኣሎ ከኣ ርሑስ ኣውያት! ኣውያትና ኣብቲ ፈታኒ ግዜን፡ ዕልልታና ኣብ ግዜ ናጽነትን ተገማጢሉ ኢዩ። ሰውራ ኤርትራ ንክሻ ክብል ዝተጀመረ ገድሊ ኢዩ። እቲ ከርተት፡ ድኻም፡ ቃንዛ፡ ኩሉ ዋጋን ገዓርን፡ ዓሰርተታት ኣሽሓት ስዉኣት ድማ፡ ስለ መንበር ኢሳይያስን ጣዕሚ ክሻን ኢዩ ነይሩ እንተተባህለ፡ እዚ ጭቡጥ ኩነታት ይምስክሮ ኣሎ።

ክሻ ካብ 1993-94 ቅድም ኣብ ካናዳ፤ ድሓር ድማ ኣብ ኣሜሪካን ውድብ ሕቡራት ሃገራትን ኣምባሳደር ተመዲቡ ነበረ። እንተኾነ ኣምባሳደር ንክኸውን እኹል ትምህርትን ዲፕሎማስያዊ ኣፍልጦን ስለዘይነበሮ፡ ተመን ኣጻምእ ኢሳይያስ፣ ቀልጢፉ ናብታ ክልቲኦም ጥራይ ዝፈልጥዋ ማሕፉዳ ገንዘብ መለሶ።

ኢሳይያስ ንክሻን መሰልቱን ነተን ተሪፈንኦም ዘለዋ ዓመታት መታን ብቅሳነት ከንብር፡ በብሓደ ከምቶም ዝተሰመሙ ስሚ ገይሩ፡ ወይ ከምቶም ብሓደጋ መኪና ሞይቶም ዝተባህሉ፣ ብሓደጋ መኪና ኣምሲሉ ክውዳኣኩም ምኽኑ ንነግር ኣለና። እስትሕጋግኩም ከኣ እቲ ኣብ መቓብር ሓርበኛታት ብኢሳይያስ ዝውፈ ዕምባባታት ክኸውን ኢዩ።




እወ! ገ እናበሉኻ’ዶ ትጋገ? ኣንታ ኣብ ደገ ዘለኻ ኤርትራዊ፡ ጽባሕ ንግሆ ዓረም ሒዝካ ከይትተርፍሲ፡ ምጥቓዕን ውዳሴን ንክሻን መራሒኡን ይኣኽለካ። ዕብዳን ኤርትራውያን ብከመይ ዝኣመሰለ መዐቀኒ ክስፈር ከም ዝኽእል፡ ዘገርም ኢዩ። ኣሓ ደኣ ምስ ሓራዲኣን ማይ ይሰትያ’ምበር፡ ሰባት’ዶ ምስ ሓራዲኦም ይድብሉ ኢዮም? ንመስተንክር’ዩ!!

ክሻ’ምበኣር እሙን ወዲ ውሻጠን ቀንዲ የማናይ ኢድን ኢሳይያስ ኢዩ። ስለዝኾነ ኢዩ ኸኣ ንኤርትራውያን በብስምዒታቶምን ዝንባሌኦምን ከፋፊሉ ዘወናውኖም ዘሎ። ኣማኢት ክኢላታትን ሰብ ተመኩሮን ዜጋታት ኣጥፊኡ፣ ኢሳይያስ ነዚ ዘይተጋደለ፡ ኣብ ሓመድ ሳሕልን ባርካን ዘይኣንፈፈወ፡ ሕርኽራኽ መይ’ውን ዘይሰተየን ኤርትራዊ ደም ዘይብሉን ኣብ ሕዛእቲ ሃገር ዝፈነዎ። እቶም ካብ

ስዉኣት ንላዕሊ፡ ካብ ህሉዋት ከኣ ንታሕቲ ዝኾኑ ተጋደልቲ ስንኩላን ኲናት ንብላሽ ተደርብዮም ኢዮም። ቦምባታት ሩስያ ኣብ ኣካላቶም ሕላገት ገይሩሎም ክነሱ፡ እቲ ድምጺ ቦምባ'ኳ ዘይሰምዐ ዕድለኛ ክሻ ግን ኣብ ዘይመንበሩ ነጊሱ ኣሎ።

ንምንቅስቓስ ገንዘብ ህዝባዊ ግንባር ካብ ግዜ ብረታዊ ቃልሲ ዝከታተልን ዝፈልጥን ዝነበረ ወደባት ኤርሚያስ ደበሳይ /ፓፓዮ/ ናብ ማሕቡስ ከቲቱ ከኣ ንክሻ ኣበ-ነፍሲ ቁጠባ ሃገር ገበሮ። ብዛዕባ ካብ ብረታዊ ቃልሲ ኣትሒዙ ብህዝቢ ዝውፈ ዝነበረ ገንዘብ፡ ብዘይካ ኢሳይያስ፡ ብዝሑን ኣወዓዕልኡን ዝፈልጥ ተጋዳላይ ኣይነበረን። ነዚ ሕቶ እዚ ብዝምልከት ከኣ፡ ኣብቲ ብዕለት 10 መጋቢት 1994 ኣብ ናቕፋ ዝተኻየደ ኣርቲፈሻል ሳልሳይ ጉባኤ ህዝባዊ ግንባር ብወግዒ ተዘሪቡሉ ነበረ።

ኢሳይያስ ካብ ዝነበሮ መዋጥር ንምምላጥ፡ ጸብጻብ ክቐርብ ም'ኻኑ ገሊጹ ነበረ። ኢሉ ከኣ "ኣብ ግዜ ብረታዊ ቃልሲ ካብ ህዝቢ ዝተዋጽአ ገንዘብ ኣስታት 30 ሚልዮን ኢዩ" ቀስ ብቐስ ንስርዓተ ቁጠባ ህግደፍ ኣብ ትሕቲ ክሻ ምስ ኣእተዎ ግን ብዙሓት ጉዳያት ተወንዚፉን ተረስዑን። በትሩ ምስ ኣደላደለ ድማ "ብሒም ዝበለ ይተሓጎም" በለ።

ኣብቲ ርሱን ሃገራዊ ፍሕሕታ ዝነበረሉ ቅድሚ ኲናት ባድመ፡ ብዛዕባ ምግባት ቁጠባ ኤርትራ ብህግደፍ ዝምልከቱ ሕቶታት ናብ ኢሳይያስን ክሻን ይቐርቡ ነይሮም ኢዮም። እዝከረኒ ሓደ ግዜ ኢሳይያስ ኣብ ቲቪ ብዛዕባ ብሕትውና ቁጠባ ህግደፍ ተሓቲቱ ክምልስ እንከሎ፡

"…እዚ'ኮ ውሒዱ። ህግደፍ ክሳብ ዝተሓተ ቁጠባዊ መሓውር እዛ ሃገር ክቆጻጸር ኣለዎ" በለ። ኣብ 2000 ዓ.ም. ኣብ ቀዳማይ ገጽ ጋዜጣ 'ሓዳስ ኤርትራ' "ህግደፍ ንመንግስቲ ኤርትራ 300 ሚልዮን ዶላር ኣለቂሑዎ" ዝብል ጽሑፍ ከኣ ወጺኡ ነበረ። እቲ ጽሑፍ እንታይ ማለት'ዩ? ከምቲ ፈቲኻ ጸሊእካ ኣነ'የ ኣዴኻ ዝበለቶ ሰበይቲ፣ ኢሳይያስ ከኣ 'ፈቲኹም ጸሊእኩም ሓጎስ ክሻ ኢዩ ንጉስኩም' ኢዩ ዝበለ።

ብዛዕባ ብሕትውና ቁጠባ ብህግደፍ፡ ክሻ እውን ቅድሚ 20 ዓመታት ብዕለት 21 ሰነ 1995 ብቲቪ ህግደፍ ተሓቲቱ መሊሱ ነበረ። ቃለ ምልልሱ ኣብ ጋዜጣ 'ሓዳስ ኤርትራ' እውን ብዝርዝር ተጻሒፉ ነይሩ ኢዩ። ከምዚ ከኣ ይብላ እተን ሽዑ ዝነበራ ሕቶታት፣

1. ቁጠባዊ ዕላማታት ህግደፍ እንታይ ኢዩ፣
2. ቁጠባ ናይ ህግደፍ ክንብል ከለና እንታይ ማለት ኢዩ፣
3. ምስ ናይ መንግስቲ'ሽ እንታይ ኢዩ ፍልልዩ፣
4. ጠማምታ ህግደፍ ኣብ ቁጠባ ከመይ ኢዩ፣
5. ንብረት ናይ መንግስትን ንብረት ናይ ህዝባዊ ግንባርን በበይኑ ፈሊና ክንርእዮ ንኽእል ዲና፣
6. ማዕከን ሕድሪ ከም ዝተመስረተ ተኣውጁ ነይሩ። ኣገዳስነትን ዕላማን እዚ ማዕከን እንታይ ኢዩ፣
7. ህግደፍ ኣብ ኩሉ ስራሓት ነጢፉ ትርከብ ኣላ፣ እዚ ምብሓት'ዶ ኣይኮነን፣
8. ህግደፍ እንተድኣ ኣብ ኩሉ ነጢፉ እቶም ካልኦት ድኣ እንታይ ዕድል ክረኽቡ'ዮም፣
9. ኮርፖረሽን ቀይሕ ባሕሪ(09) ብዙሕ ንኣሽቱ ነገራት የምጽእ ኢዩ። እንተኾነ ሕጂ ብዙሓት ንኣሽቱ ድኳናትን ኣብያተ ንግድን ተኸፊተንን ይኸፈታን ኣለዋ። ስለዚ ኣብዚ ንኣሽቱ ነገራት ምምጻእ ወይ ኢዱ ምእታው ኣድላይነት ኣለዎ'ዶ፣
10. ህግደፍ ብዝተፈላለየ ምኽንያት ዘእትዎም እቶት ኣለዉዎ፣ ስለዚ እዚ እቶት እዚ ኣብ ረብሓ መን ኢዩ ክውዕል፣ ካልኦት ሓይልታት ወይ ሰልፍታት እንተተመስሪቶም ከምዚ ዓይነት ቁጠባዊ ንጥፈታት ከካይዱ ይኽእሉ'ዶ።

ሞት ክናና ንኢሳይያስ!

ይቕጽል …